# መበል 44 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ነኸብራ
# ባሕቲ መስከረም ጀማሪት ናይ ሰውራ

ብኣፈወርቂ ኣባይ ሃገረ ጀርመን

01-09-2005 ዓ.ም.

ወርሓት ሓምለ ሰነ ናይ ዝናብ ክራማት
ከበድቲ ኣዋርሕ ናይ ዓባይ ዕማማት

ዘራእቲ የፍስስ ኣምሻኹ ኣሚኑ
ይሓልፉ እታ ስእነት ነኺሱ ኣስናኑ

መስከረም ዕምባባ እዛ መበሰሪት
ጻማ ናይ ሓረስታይ ምህርቲ ወሃቢት

እዚ ጻዕራም ህዝብኺ ንዓኺ ይጽበ
ናብ ራህዋ ተእትዊ ካብቲ ዝጸበበ

መስከረም ወርሒ ካብ ኵለን ምርጽቲ
ባና ብርሃን ኢኺ ናይ ጸልማት ክረምቲ

ኣትክልቲ ዕምባባ ሸዓኡ ዝብቘሉ
በቲ ጽቡቕ ሕብሮም መሬት የጸንብሉ

ዝዘርኦ ሰዊቱ ክብላዕ በጺሑ
ኣብ ጓህሪ ይጠብስ ዕፉኑ ቀቒሑ

ጻምኡ ክሓፍስ ትረድኦ ብኣጋ
ጨጪፉ ይበልዕ ሰዊት ናይ ባልደንጓ

ብሓረስታይ ወገን በዚ ንልክዓ
ብሸነኽ ሰውራና ከመይ ኢዩ መልክዓ

ካብ ኵለን ኣዋርሕ መሰታ ዘይብላ
ጀማሪት ናይ ሰውራ መስከረምያ ባዕላ

ባሕቲ መስከረም ራዕዲ ናይ ፈውዳል
ሰኾሪ ጥይት ሰውራ ትኾሲ ናብ ኣዳል

መስከረም 61 እዛ ሓያል መዓልቲ
ሸበራ ዘሕደረት ባዕዳዊ መግዛእቲ

ውሑዳት ጀጋኑ ሓሚድ መራሒኦም
ዓወት ናይ ተጐርባ ዓቢ ምስክሮም

ዕላማ መስከረም እንታይ እዩ ነይሩ

ባዕዳዊ ክወጽእ መሰል ንሓዋሩ

ህዝብኺ ተላዕለ መደብኪ ክፍጽም
30 ዓመቱ ጸላኢ ክሃርም

ከበሳ ቆላኡ ብሕባር መኪቱ
ነጻ ኣውጺኡዋ ብብዙሕ መስዋእቱ

ግንቦት 91 ናይ ዓወት መዓልቲ
ሻማ ናይ ነጻነት ወጊድ ንመግዛእቲ

እልልታን ፈገግታን ኰይኑ ንግዚኡ
ህዝቢ ኣይሓሰበን ናይቶም ተሰወኡ

ህዝብና ምስ ደቁ ዘምጽእዎ ዓወት
ኵሉ ተኻሒዱ ኣይ ሰሙን ኣይ ዓመት

ነጻነት ተሓስበ ቅያሩ ባርነት
ጐሓሉ ቀጽየሞ ናይ ህዝብና ዓወት

ስርናይ ተዘሪኡ ክርዳድ ተሓፊሱ
እዚ ኵሉ መብጽዓ ክሕደት ተደቢሱ

መስዋእቲ ብሓባር ድሮ ተረሲዑ
ዘሰንብድ ዘሐፍር ክንደይከ ይኸድዑ

ናይ ኵሎም ገዛእቲ ታሪኾም ኣሎና
ከም ናይ ሎሚ ጭቆና ፍጹም ነይረኤና

ዕላማ መስከረም እዚ ድዩ ውጽኢቱ
ክንዲ ብልጽግና ህዝብና ጸኒቱ

ሕማምን ቁጠባን መሬትዩ ዘቢጡ
ዓቢ ገበን እዩ ኣብዚኣ ዘጽቀጡ

ፕረስ ሕልሚ ኰይኑ ኣፍኩም ዕጸውዎ
ኣነ ዝበልክኩም ጽን ኢልኩም ስምዕዎ

ክነግድ ዝበለ ተወር ዝብል የለን
ኣብ ባንከይ ይእተዋ ገዛ ክራይ ኵለን

ንጀጋኑ ሓርነት ክንዲ ምክብባር
ተረሲዑ ድዩ ግፍዒ ናይ ማይ ሓባር

ኣብ ጸርፊ ጨብጨባ ኣእዳው ይሰበራ
ብዓዲ ኣበይቶ ህልቂት ግዳ ዘይመሃራ

ኣዝማድ ሰብ ጽሩራ ንወጻኢ ይሓልፉ
ድኻ ወገን ኣልቦ ክብረን ይግፈፉ

ስነ ኣእምራዊ ስሕተት ማእለያ ነይብሉ
ከምልጥ ዝጠፍኤ ኣደ ትንገረሉ

ተካላት ወለዲ መዓት ዝወረዶም
ይምቅሖ ኣለዉ ኣምሳያ ናይ ደቆም

ውዮ ተኽሲ ኣዳል ለዊጣ መልከዓ
መንእሰይ ጠፊኡ ኣብቲ ርሱን ዊዓ

ነስተውዕል በጃኹም ዝኸበርኩም እሕዋት
እንተዘይ ወጊሑ ዘንተዕለት ጸልማት

ጌና ኣይተመለሸን ሓደራ ስዉኣት
ይዕድመካሎ ናይ ህዝብኻ ኣውያት

ሓደ ካብ ሓደ እንታይ ሕልፊ ኣለዎ
ሽግር ደኹን ራህዋ ብሓደ ይጸልዎ

ዕላማ መስከረም ብተግባር ክቕየስ
ኣብቲ ንኣምነሉ ንወደብ ንቃለስ

ህዝቢ ሕማቕ ኣሎ ካብ ምባል ብኣፍካ
ዲክታተር ምምካት ሓቦ ተሰኒኻ

ዓወት ንውጹዕ ህዝብና
ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና
ባሕቲ መስከረም ዘንተእለት ትኽበር